# ምዕራፍ (6) ካብ መጽሓፍ
# መለለይ ጠባይ ናይ ሓደ ኣስላማይ

ብሸኽ:ሙሓመድ ኣልቐዛሊ ተርጓሚ:ኣቡ ሰማሕ

## *ሞራላዊ ጠባያትና ንመላእ ሕብረተሰብ ክነመሓላልፈሉ ይግባእ*

### *ኣቀራርባና ምስ ዘይኣስላም ሰባት*

ነፍስወከፍ ሃይማኖት ካብ ካልእ ሃይማኖታት ዝፍለየሉ ናይ ገዛእ ርእሱ መለለይ ጠባይ ኣለዎ። ኣብ ምስልምና ዝተወሰነ እሞ ብተደጋጋሚ ብኣመንቱ ዝትግበር ቅጥዒ ተግባራት ከምዘሎ ፍሉጥ እዩ።ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ሰዓብቲ ምስልምና ገለ ገለ ወግዕታት ዝውቱር ኮይኑ ምስቶም ዘይኣስላም ዝምድና ዘይብሉ ከምዘሎ ኻኣ ምግንዛብ የድሊ።ግን ሞራላዊ ጠባያት ናይ ምስልምና ኣብዚ ሓጺር ደረት ዝተሓጽረ ኣይኮነን።ግን ንሰፊሕ ዝኾነ መዳያት ዘጠቓለለ እዩ።

ኣስላማይ ጽቡቕ ጠባይ ኣማሊኡ ክኽይድ ሓላፍነቱ ከምዝኾነ ብዘይ ምርሳዕ ምስቶም ዘይኣስላም ዜጋታት ደቂ ሃገሩ ብጽቡቕ ጠባይን ኣቀራርባን ክቐርብ ብእስልምና ይሕተት።ነፍስወከፍ ኣስላማይ ምስቶም ዘይኣስላም ፍትሓዉን ሓቀኛን ክኸዉን ኣገዳሲ እዩ።ብተዛማዲ እዉን ጽቡቕ ጠባይ ከም ዘካት(ምጽዋት) ምሃብን መብጻዓኻ ምሕላዉን ይቕረ ምባልን ከምኡዉን ለውሃትን ምትሕግጋዝን እዚ ዝተጠቕሰ ጠባያት ምስ ኣስላም ኮይኑ ዘይኣስላም ኣብ ዝካየድ ምቅርራብ ኣብ ግምት ብምእታው ብሓደ መልክዕ ክትግበር ይግባእ።

ቅዱስ ቁርኣን እዉን ምስቶም ሰበ መጻሕፍቲ የሁድን ክርስትያንን ኣብ ዝኾነ ንሓድሕዳዊ ጽልእን ባእስን ግጭትን ከባልሕን ከዋዓውዕን ዝኽእል ክትዕ ንኸይናኣቱ የጠንቅቐና።
ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልዓንከቡት ኣያ ቁ.46 ይብል፥

۞ وَلَا تُجَٰدِلُوٓاْ أَهۡلَ ٱلۡكِتَٰبِ إِلَّا بِٱلَّتِي هِيَ أَحۡسَنُ إِلَّا ٱلَّذِينَ
ظَلَمُواْ مِنۡهُمۡۖ وَقُولُوٓاْ ءَامَنَّا بِٱلَّذِيٓ أُنزِلَ إِلَيۡنَا وَأُنزِلَ إِلَيۡكُمۡ وَإِلَٰهُنَا
وَإِلَٰهُكُمۡ وَٰحِدٞ وَنَحۡنُ لَهُۥ مُسۡلِمُونَ ٤٦

ኣላህ ኣብዛ ጥቕሲ ኣያ ምስቶም ሰበ መጻሕፍቲ(የሁድ,ክርስትያን)ብዘይካ እቶም ዓመጽቲ ብዝበለጸ ኣገባብ ክንዛተ ይእዝዘና።ኣላህ ንረሱል'ዉን ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም በሎ፡

ንሕና በቲ ናባና ዝተላእከ መጽሓፍ ንኣምን ኢና ከምኡዉን በቲ ናባኹም ዝተላእከ መጽሓፍ ንኣምን:ናትና ኣላህን ናትኩም ኣላህን ሓደ እዩ።ንዕኡ ኻኣ ኢና ንምእዘዝ።

ንሳዓብቲ ሙሳ እዉን ካብ ምግራም ዝተላዕለ ነዚ ዝስዕብ ሕቶ ቀሪብሎም ኔሩ፡

‚ስለምንታይ ኢኹም ብኣላህ ትካቱዑና ኣላህ ዶ ናትኩሙን ናትናን ረቢ ኣይኮነን?ንሕና ብዝሰራሕናዮ ንስኹም እዉን ብዝሰራሕኩሞ ኢኹም ትሕተቱ።
ንሕና እቲ እንሰርሖ ስራሕ ምእንቲ ኣላህ ብንጹህ ልቢ ኢና እንትግብሮ።
ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብንጹር ዘብርህ ነዚ ፍጻሜ ናይ ረሱል ምስ ሓደ የሁዲ ነቕርብ፡

ሓደ የሁዲ ንረሱል ብ ስነስርዓት ዘየማለአ ጠባይ ብልዑል ድምጺ ልቕሑ ክምለሰሉ ከምዚ ኢሉ ክዛረቦ ምስ ጀመረ ;

" ኦ ወዲ ዓብደልሙጠሊብ"

ኣብዛ ሰዓት'ዚኣ ዑመር ቢን ኣልኸጣብ ኮፍ ኢሉ ዝሰምዕ ዝነበረ፡እሞ ጠባይ ናይዚ የሁዲ ደስ ስለ ዘይበሎ:ስርዓት ከምህሮ እየ ብዝብል ሕልና ተደሪኹ ነቲ ሰይፍ ካብ ሰፈሩ ብምውጻእ:"ጽቡቕ ጌርካ ምዝራብ ይሕሸካ":ኢሉ ዘረበኡ ከይቀጸለ ረሱል ጠጠው ኣቢሎም ንዑመር ኣብ ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ቦታ ክምለስ ድሕሪ ምእዛዝ ከምዚ ኢሎም ተዛረብዎ:

"ኣነን እዚ የሁድን ካብዚ ዝበለጸ ጠባይ ካባኻ ንጽበን ይግባኣናን:ንዕኡ ማለት ነቲ የሁዲ ገንዘቡ ክምለሰሉ ብዝበለጸ ጠባይ ንኽሓትት ከምህሮን ንዓይ ካኣ ገንዘቡ ብዝበለጸ ኣገባብ ክመልሰሉ ክትምዕደኒ ምሓሸ "

እስልምና ንመላእ ዓለም ካብ ኣላህ ዝተላእከ መልእኽቲ ብምኧኑ ንዝኾነ ሰብ ወላ'ዉን ካብቶም ተጻባእቲ እከይ ገባርን ይኹን ብዘየገድስ:ብዝበለጸ ፍትሓዊን ሓቂን ዝኾነ ኣቀራርባ ክንቀርብ እዩ ይእዝዘና።

ልኡኽ ኣላህ ሰይድና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

"ናይ ዕሙጽ ሰብ ዱዓእ(ጸሎት) ቅቡል እዩ:እንተዳኣ ሓደ ውልቀሰብ ክፉእ ነገር ፈጺሙ ዊዒሉ ሓዲሩ እቲ እከይ ስራሕ ንዕኡ እዩ ዝረኽቦ።
ረሱል'ዉን ይብሉ;

"ዕሙጽ ሰብ ወላ'ዉን ኣረማዊ ይኹን ኣብ መንጎ ጸሎቱን ተቐባልነቱን ጠጠው ዝብል ምንም ነገር የልቦን።ዘጠራጥረካ ገዲፍካ ዘየጠራጥረካ ነገር ግበር።"
ብመሰረት እዚ ትእዛዛትን ለበዋታትን እስልምና ንሳዓብቱ ነቶም ካልእ እምነተ ሃይማኖት ዘለዎም ከየበሳብሱን ከየከላብቱን ይእዝዞም።
ምስ'ዚ ኣገዳስነት ናይ ጽቡቕ ኣቀራርባ ምስ ካለኡት ሰበ እምነት ዝተኣሳሰረ ነዚ ዝስዕብ ሓዲስ ንመልከት:
ሓድረት ዑመር ቢ ኣልኸጣብ ከምዘዘንትውዎ:

"ኣብ ገዝኦም ካብ ደገ ምስ ኣተዉ በጊዕ ተሓሪዱ ምስ ጸነሖም: ካብቲ ስጋ ናይ በቢዕ ንጎረቤቶም ተዋሂቡ እንተኾይኑ ንስድራ ቤቱ ሓተተ "ቀጺሉ`ዉን ከምዚ በለ"
<< ልኡኽ ሙሓመድ ብተኸታታሊ ደጋጊሞም ንጎረባብተይ ብጽቡቕ ጠባይ ንኽቀርቦም ኣዚዞሙኒ።ለበወኦም ምስ ደጋገሙለይ`ዉን ሓደ ካብቶም ክወርሱኒ ዝግበኦም ሰባት ከይኮኑ'ዉን ኣብ ጥርጥር ኣትየ>>

ብተዛማዲ እስልምና ንሰዓብቱ ምስ ኣዝማዶም ሕያዎትን ለዋሃትን ክኾኑ ይምዕዶም።ወላ`ዉን ኣዝማድካ ዘይምእመናን እንተኾይኖም ብጽቡቕ ጠባይ ክትቀርቦም ኣድላዪን እስልምናዊ ትእዛዝ ምኧኑ ክርሳዕ የብሉን።

ሓቂ ተኸቲሊ ምባል መሰል ናይ ካለኡት ዜጋታት ምምንዛዕ ኣየሰምዕን እዩ።
ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ሉቕማን ጥቕሲ ኣያ ቁ.15

وَإِن جَاهَدَاكَ عَلَىٰٓ أَن تُشْرِكَ بِى مَا لَيْسَ لَكَ بِهِۦ عِلْمٌ فَلَا تُطِعْهُمَا ۖ
وَصَاحِبْهُمَا فِى ٱلدُّنْيَا مَعْرُوفًا ۖ وَٱتَّبِعْ سَبِيلَ مَنْ أَنَابَ إِلَىَّ ۚ ثُمَّ إِلَىَّ
مَرْجِعُكُمْ فَأُنَبِّئُكُم بِمَا كُنتُمْ تَعْمَلُونَ ﴿١٥﴾

***ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ;***

*ኣላህ ኣብዛ ጥቕሲ`ዚኣ ነዚ ዝስዕብ መምሪሒታት ይልግሰልና:.*

- *ኣላህ ንወለድና ወላ'ዉን ብምስልምናና እንተዘይኣመኑ ኣብ ኣዱንያ ምሳና ካብ ሃለዉ ብጽቡቕ ርህራሄን ለውሃትን ብዝመለኦ ጠባይ ክንቀርቦም ይእዝዘና።*
- *ምስ`ዚ ግን እቲ ቀንዲ ናብ ረቢ ዝወስድ ትኽክለኛ መንገዲ ምስልምና ክንክተል ከምዝለናን ኣሰር ናይቶም ረቢ ዝተኸተሉ ክንስዕብ ይግባእ።*
- *ኣላህ`ዉን ኣብ የውመልቂያማ ኣብዛ ኣዱንያ ብእንፍጽሞን እንዓዮን ተግባራት ከሬኤናን ም'ኺኑ ምግናዛብ የድሊ።*

## *ኣድላይነት ናይ ሞርላ(ጽቡቕ ተግባር)*
## *ንመላእ ዓለምን ሃገርን*

*እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብዛዕባ ሞራል ወይ ጽቡቕ ተግባር ንውልቀሰብ ዝምልከት እዩ ኔሩ።*
*ንኣገዳስነት ናይ ሞራል ንሕብረተሰብ ብሰፊሕ መዳዩ:እስልምና ከምዚ ዝስዕብ ይብል:*
*ብመንጽር ምስልምና ምዕባለን ህላውነት ናይ ሓደ ህዝቢን ከምኡ`ዉን ንምዕባለ ባህሉን ልምዱን ዘገድስን ንውህደትን ጽንዓቱን ብዘርኢን እዚ ኹሉ ዝተጠቕሰ ምስ ሞራል ናይ ምዕቃብ ረቋሒ ዝተኣሰረ እዩ።*

*ሓደ ህዝቢ እንተዳኣ ጽቡቕ ሞራል ሃሊይዎ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዩ ምዕባሌታት ከጋናጽፍ ይኽእል።*
*በኣንጻሩ እንተዳኣ እቲ ናይ ሞራል ጠባዩ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ኣንቆልቂሉ እቲ ንግስነት ወይ ስርዓት ናይ ምዕናው ግዜኡ ቀሪቡ ከምዝኾነ እዩ ዝሕብር።*

*ሓደ ህዝቢ ቀጻልነት ህላወኡ ዘረጋግጽ ደረጃ ሞራሉ ናብ ክብ ዝበለ ደረጃ ምስ ዝበጽሕ እዩ።ብኻልእ ኣዘራርባ ጽቡቕ ጠባይ ናብ ዝላዓለ ደረጃ ክብ ከብል እንከሎ ሞራል ኣብ ዘይህልወሉ ካኣ ናብ ዝተሓተ ደረጃ የንቆልቁል ማኣለት እዩ።*

*እዚ ሓቂ'ዚ ብንጹር ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ረሱል ሓዲስ ተገሊጹ ንረኽቦ።*
*ልኡኽ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ) ንህዝቡ ነቶም ንመላእ ዓረብ ኣብ ትሕቲ መሪሒነቶም ዘእተዉ እሞ እቲ ናይ ምውሳን ስልጣን ኣብ ትሕቶም ኮይኑ ፍሉይ ቦታ ክህልዎም ዝኻኣለ:ነዚ እተሰከምዎ ሓላፍነት ናይ መንገስትን ምምራሕን ክዓቕቡ እንተዳኣ ደልዮም ነቲ ዓንዲ ሕቆ ዝኾነ ሞራል ክዓቕቡ ናይ ግድን ይኸውን።*

*ነዚ ብዝምልከት ሓደ ሳሓቢ ኣናስ ቢን ማሊክ ዝተባህለ ከምዚ ኢሉ የዘንትወልና;*

*<< ኣብ ሓደ ናይ ሓውና ገዛ ካብ ቁረይሽን ኣንሳርን ሰባት ተኣኪብና ኮፍ ኢልና እንከለና ረሱል ናብቲ ዝነበርናዮ ገዛ ምስ ኣተዉ ነፍስወከና ጠጥቕኡ ኮፍ ከብሉ*

ቦታ ክንገብረሉ እናተራሓሓቕና እንክለና ረሱሉ ትኽ ኢሎም ናብቲ ኣንፈት ማዕጾ ብምኻድ ኣብቲ ማዕጾ ብምድጋፍ ከምዚ ኢሎም ተዛረቡና;

<< መራሕቲ ካብ ቁረይሽ ክኾኑ እዮም:ኣነ ኣባኻትኩም መሰል ኣለኒ:ቁረይሽ እዉን ኣባኻትኩም መሰል ኣለዎም።ርህራሄ ኣብ ዘድልየሉ ግዜ ርህራሄ ክርእዩ ይግባእ።ዝህብዎ ፍርዲ ኻኣ ኣብ መሰረት ፍትሒን ሓቂን ዝተሞርከሰ ክኸዉን ይግባእ።ትእዛዞም እዉን ክስማዕ ይግባእ:ነዚ ዘይትግብር ላዕና ናይ ኣላህን ናይ መላኢካን ናይ ኩሎም ሰባትን ይብጻሓዪ።ኢሎም ረሱል።

ኣጠበራኒ

እዚ ሓዲስ እዚ ብዘየማትእ ነፍስወከፍ ዉልቀሰብ ኮይኑ ሕብረተሰብ ወይ መንግስቲ እቲ ዝግባእ ክብረትን ብልጽግናን ክረክብ ግድን እዩ።እዞም ከም ወከልቲ ኮይኖም ዝቐርቡ ሰባት ካኣ  እቲ ዝላዓለ ዓወት ከጎናጽፉ ክጽዕሩ ሓላፍነት ከም እተሰከሙ ክርስዑ የብሎምን።

ሓንቲ መንግስቲ ጭሮሖ ናይ ምስልምናን ቁርኣንን ኣልዒላ ከተብቅዕ ንጉዳያት ዜጋታታ ብፍትሒ እንተዘይረኣየትን ብጠለባት ዜጋታታ'ዉን ምስ ዘይትግደስ እሞ እንተዳኣ ህዝባ በኣሰራርሓኣ ዘይዓገበ ክብረታ እንተዳኣ ኣውዲቓ:እቲ እተጨረሐ  ጭሮሖታት  ትርጉም ዘይብሉ ስም ኮይኑ ከምዝተርፍ ምግንዛብ የድሊ።

ክቡር ሰሓቢ ሑሴን ረድያ'ላሁ ዓንሁ:ረሱል ከምዚ ኢሎም በለ:

<< ኣላህ ንሓደ ህዝቢ እንተ ራህሪሁሉ ኣብ ኢድ ሓደ ለባም መራሒ የውድቖ:
  እቲ ሃብቲ`ዉን ኣብ ሕያውት ዝኾኑ ለባማት ሰባት ይኸዉን:ከምኡ'ዉን ኣላህ ንሓደ ህዝቢ መቕጻዕቱ ከውርደሉ እንተደልዩ ኣብ ትሕቲ ጨካን ዝኾነ መራሒ የውድቖ: ነቲ ሃብቲ ናይቲ ሃገር እዉን ኣብ  ስሱዓት ዝኾኑ ሰባት የውድቖ>>

ኣቡ ዳዉድ

ነዚ ብዝምልከትዉን ሓደ ካብቶም ፍሉጣት ዓበይቲ ፈላጣት ምስልምና ኣሸይኽ ኢብን ተይሚያ ከምዚ ይብል:

,,ኣላህ ንሓንቲ ፍትሓዊት መንግስቲ ወላ'ዉን መራሕታ ኣረማዉያን ይኹኑ:ይዓቕባ።ግን ሓንቲ መንግስቲ ዓማጺት እንተኾይና ሽሕ እኳ መራሕታ ኣስላም ይኹኑ የውድቓን የዕንዋን።

ብመንጽር ምስልምና ሞራል እቲ ዝበለጸ መለለይ ጠባይ ምኻኑን ነፍስወከፍ ከማልኦ ዝግባእ ኣገዳሲ ጠባይ ከምዝኾነ ክንርዳእ ይግባእ።
ሓደ ዉልቀሰብ ኮይኑ ህዝቢ ክብረቱ ኣብ ቅድሚ ሰብን ኣላህን ዘጥፋኣሉ ብሰንኪ ናይ ሞራል ውድቀት እዩ።

ሞራል ምስ ዝጠፍእ እቲ ክብረት ናይ ህዝቢ እውን ይጠፍእ።እዚ ዝርከብ እዉን እቲ ምትእስሳርና ምስ ኣላህ ፈጣሪና ምስ ዝደክም እዩ።እሞ እቲ ርኽክብና ምስ ኣላህ ክድልድልን ክሕይልን ኣበርቲዕና ክንቃለስ ግቡእ ምዃኑ ንገንዘብ።